# ማሕበር ሙዚቀኛታት ኤርትራ ኣብ ዋሽንግተን ዲሲ፡ ንዩኒቨርሲቲታት ኤርትራ መግዝኢ መጻሕፍቲ ዝውዕል ናይ ውህለላ ባህላዊ ምሸት ብዓወት ኣቃኒዑ

ማሕበር ሙዚቀኛታት ኤርትራውያን ኣብ ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢ ንላዕለዋት ትካላት ትምህርቲ ኤርትራ መጻሕፍቲ ንምግዛእ ዝውዕል ገንዘብ ንምውህላል ዝዕላምኡ ባህላዊ ምሸት ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ኣብ ማዲሰን ሆቴል ኣልድሪታውን ትማሊ ቀዳም ሕዳር 25 ካብ ሰዓት 9 ድ.ቀ ክሳብ ሰዓት 2 ወጋሕታ ዝተኻየደ መደብ ባህላዊ ጸወታ፡ ኣባላት ማሕበር ሙዚቀኛታት ኤርትራ ዝኾኑ ድምጻውያን ሃይለ ገብሩ፣ ሓጎስ ብርሃነ፣ ዳሽም ምስግናን ምስ ሙዚቀኛታት መሓሪ ኢያሱ፣ ዳዊት ተ/ማርያም፣ ረዘነ ሃብተን ተስፋማርያም እምባየን ከም ሓደ ጉጅለ ተጠርኒፎም ኣብ ዘካየድዎ ባህላዊ ጸወታ፡ ሕሉፍ ታሪኽ ብዘዘኻኽር መገዲ ምኡዝ ዜማታት ብምቕራብ ድሙቕ ጸወታ ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሕ/መ/ኣሜሪካን ካናዳ ኣቶ ግርማይ ገብረማርያም ተረኺቡ፡ ንወደብቲ ናይ'ቲ መደብ ማሕበር ሙዚቀኛታት ኤርትራ ድሕሪ ምምጓስ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝትከላ ንዘለዋ ትካላት ላዕለዋይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ንዘለወን ናይ ንመጻሕፍቲ ሕጽረት ንምቅላል ዝተዳለወ ቅዱስ ዕላማ ምኳኑ ብምግላጽ፡ ኩሎም ዜጋታት ነቲ ፕሮጀክት ንምዕዋት ብተገዳስነት ክተሓጋገዙ ብምምዓድ፡ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ዝነኣድ ቅዱስ ተግባር ኩሉ ደላይ ጽቡቕ ክስዕቦ ተላብዩ።

ኣብ'ቲ ድሙቕ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ፕሮጀክት ዝውዕል ገንዘብ ንምእካብ ኣብ ዝተገብረ መደብ ወፈያን ሽያጥ ትኬትን ኣስታት $30,000 (ሳላሳ ሽሕ ዶላር) ተኣኪቡ።

ዓወት ንሓፋሽ !!
ሕዳር 26, 2006